# COVID-19

## መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ

ኣቦት ፓንብዮ

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

### ቅድሚ ምጅማርካ

- ነዚ ናይ መርመራ መሳርሒታት ኣብ ምቹእ/ማእከላይ ወይ ኣብ ሞንጎ $2^0$ሰግ - $30^0$ሰግ ዝኸውን ዓቐን ናይ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ቦታ ዓቅቦ ( ኣብ ፍሪዘር ኣይትግበሮ፡ ካብ ናይ ቀጥታ ናይ ጸሓይ ብርሃን  እለዮ፡ ኣብ መኪና ኣይትግደፎ)።
- እንተ ፈሰሰካ ብቐሊሉ ከተጽርዮ ዘኽእለካ ጽሩይን ሰጥ ዝበለን (ካብ ዝብላዕን ዝስተን ጋሕመጥን ነጻ ዝኾነ) ቦታ ርኸብ ።
- ኣብ ግዜ መርመራ ኣይትብላዕ፡ ኣይትስተ፡ ኣይተትክኽ፡ ቬፕ ኣይትግበር፡ ኮንታክት ሌንስ ኣይትግበር፡ ሜክኣፕ ኣይትግበር ወይ ገጽካ ኣይትተንክፍ።
- እዚ መርመራ እዚ ንርእሰ-መርመራ ክትጥቀመሉ እዩ ተዳልዩ።
- ናይ ኣፍንጫ መድመይቲ እንተ'ልዩካ ነዚ መርመራ እዚ ኣይትጠቐም።

### ምንጬታት

ንዝያዳ ሓበሬታ ናይ ቅልጡፍ መርመራ ንምርካብ፡ ትርጉማት ናይዚ መምርሒን እቲ መርመራ ዝግበረሉ ኣገባብ ዝሕብሩ ቪድዮታትን ንምርካብ ነዚ ኪው ኣር ኮድ ወይ ነዚ ሊንክ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም:  **bccdc.ca/ covid19rapidtesting**

- 繁體中文
- 简体中文
- ਪੰਜਾਬੀ
- Việt Ngữ
- español
- ትግርኛ
- français
- 한국어
- عربي
- فارسی
- 

### ናይ መርመራኻ ልክዕነት ምርዳእ

እዚ ናይ ኣቦት ፓንብዮ ™ ቅልጡፍ ናይ ኣንትጅን መርመራ ኮቪድ-19 ፖዝቲቭ ምኳንካ (ከምዝሓመምካ) **ድሕሪ መልከፍቲ  ኣብ ውሽጢ 3-5 መዓልትታት** ነቲ ሕማም ክለልዮ ይኽእል እዩ።  ሓደ ዝተለኽፈ ሰብ ሓሚሙ ክንሱ እቲ ሕማም ግን እቲ መልከፍቲ ኣብ ኣካላቱ  ብዙሕ ክነጥፍ እንተዘይጸኒሑ (ቅድሚ 3 መዓልትታት) ነጋቲቭ ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል እዩ።   ከምዚ እንተኾይኑ፡ በዚ ቅልጡፍ መርመራ ንኽፍለጥ/ንኽልለ ዘኽእሉ እኹል ኣንቲጅን የለን ማለት እዩ።

ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ ናይ ሓንቲ ውስንቲ ህሞት (ግዜ) ውጽኢት ጥራሕ እዩ ዝህበካ። ነጋቲቭ  ውጽኢት ስለ ዝረኸበ ሓደ ሰብ ንኻልኦት ከም ዘይሕልፈሎም ርግጸኛታት ኣይገብረናን እዩ።  ኣብዚ ሓጺር ግዜ ንኮቪድ-19 ተቓሊዕካ እንተ ኔርካ፡ ሓንሳብ እቲ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ኣካላትካ ዘለዉ ኣንቲጅን ብመርመራ ክርከቡ ኣብ ዝከኣለሉ ዓቐን ምስ በጽሑ ፖዝቲቭ ውጽኢት ክህልወካ ይኽእል እዩ።

### መምርሒታት

**1** ፊጥ ብምባል ኣፍንጫኻ ኣጽሪ'ሞ ነቲ ሶፍቲ ጎሓፎ። ኣእዳውካ ብሳምና ተሓጸብ።





**2** ናይ መርመራ ናውቲ ኣክቦ:

- ኣቦት ፓንብዮ™ ናይ መርመራ ናውቲ ከረጺት:

  1x ናይ መርመራ መሳርሒ

  1x ዝመኽነ ስዋብ

  1x መመርመሪ ፈሳሲ ዝሓዘ  መትሓዚ


  1x ናይ መርመራ ትቦ ምስ ሰመያዊ መኽደኒ


  1x ናይ መርመራ ትቦ መትሓዚ


---

- መቑጸሪ ሰዓት (ታይመር)
- መትሓዚ ጎሓፍ
- ንእሽተይ ብኬሪ ወይ ኩባያ (ከም ምርጫኻ)


ኣቦት ፓንብዮ™ ናይ መርመራ ናውቲ ከረጺት ነዚ የጠቓልል:







መቑጸሪ ሰዓት



መትሓዚ ጎሓፍ



ብኬሪ ወይ ኩባያ
(ከም ምርጫኻ)


# C●VID-19

## መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ


ኣቦት ፓንብዮ

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority


**3** ነቲ ላዕለዋይ ክፋል ናይቲ መመርመሪ ፈሳሲ ዝሓዘ መትሓዚ ጠዊኻ ቁረጾ።



**4** ነቲ መመርመሪ ፈሳሲ ዝሓዘ መትሓዚ ብምጽቃጥ ነቲ ፈሳሲ ብምሉኡ ናብቲ ናይ መርመራ ትቦ ገምጥሎ።





**5** ነቲ ዝተመልአ ናይ መርመራ ትቦ ኣብቲ ተዳልዩ ዘሎ መቐመጢ ናይቲ ትቦ ወይ ኣብ ጽሩይ ብኬሪ ወይ ኩባያ ግበሮ።




**6** ካብ ኣፍንጫኻ እቲ መርኣዪ/ሳምፕል ውሰድ:

1. ነቲ ስዋብ ካብቲ መሸፈኒኡ ኣውጽኣዮ  በቲ ጎማ ክፋሉ ጥራሕ ተንክፎ።
2. ንርእስኻ ንድሕሪት እኽንን ኣብሎ።
3. ነቲ ጡጥ ዘለዎ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብ ሓንቲኤን ከፋት ናይ ኣፍንጫኻ ትኽ ኣቢልካ ንድሕሪት (ንላዕሊ ዘይኮነ) ን2.5ሰሜ (1 ኢንች) ኣእትዎ።
4. ነቲ ስዋብ ናብቲ ውሽጢ ናይ ኣፍንጫኻ ኣጸግዓዮ። ኣፍኩስ ኣቢልካ  5 ሳዕ ኣኹልሎ/ኣዙሮ።
5. በቲ ዝተጠቐምካሉ ስዋብ ጌርካ ኣብታ ሓንቲ ከፋት ናይ ኣፍንጫኻ ደጊምካ ከምኡ ግበር።
6. እቲ ስዋብ ደም እንተ ተጸይቑ ንመርመራ ኣይትጠቐመሉ። ፊጥ ድሕሪ ምባልካ ሓድሽ ስዋብ ተጠቐም። ናይ ኣፍንጫ መድመይቲ እንተ ኔሩካ መርመራ ቅድሚ ምግባርካ ን24 ሰዓታት ተጸበ።




**7** ነቲ ጡጥ ዘለዎ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብቲ ናይ መርመራ ትቦ ኣፍኩስ ኣቢልካ ኣእትዎ:




1. ነቲ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብቲ መመርመሪ ፈሳሲ ናብቲ ጎኒ ናይቲ ትቦ እንዳ ኣጸጋዕካ **ኣፍኩስ ኣቢልካን ቀስ ጌርካን** 5 ሳዕ ኣኹልሎ።
2. እቲ ስዋብ ኣብቲ ውሽጢ እንከሎ ነቲ ፈሳሲ ኩሉ ካብቲ ስዋብ ንምውጻእ ነቲ ጎድኒ ናይቲ ትቦ በጻብዕካ እንዳ ጸቐጥካ  ጵሙቕ እንዳ ኣበልካ ኣውጽኣዮ።
3. ነቲ ስዋብ በቲ ንመስበሪ ተባሂሉ ዝተገብረሉ እትው ዝበለ ክፋሉ ጌርካ ስበሮ።  ነቲ ስዋብ ኣብቲ ትቦ ግደፎ።
4. ነቲ ሰመያውዊ መኽደኒ ናይቲ ትቦ ጌርካ ነቲ ትቦ ዕጸዎ።


C🦠VID-19

# መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ


ኣበት ፓንብዮ

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority


**8** ነቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ከፊትካ ኣብ ሰጥ ዝበለ ቦታ (ከም ጣውላ) ኣንብሮ።





**9** ነቲ ጻዕዳ መኽደኒ ካብቲ ትቦ እለዮ።




**10** ነቲ ትቦ ትኽ ኣቢልካ ሓዞ። ቀስ ኢልካ 5 ነጥብታት ናይቲ ፈሳሲ ኣብቲ ከቢብ ዘለዎ ቦታ ናይቲ መሳርሒ ኣንጥበሉ።





**11** ውጽኢትካ ንምርካብ ሰዓትካ ን15 ደቓይቕ ምልኣያ። ኣብዚ ግዜዚ ነቲ ናይ መርመራ መሳርሒ ኣይተንቀሳቕሶ። ድሕሪ 20 ደቓይቕ ዘለዉ ንባባት ትኽክል ከይኮኑ ይኽእሉ እዮም።



**12** ኩሉ ዝተመርመርካሉ ናውቲ ናብ ጎሓፍ ኣእትዎ።



**13** ኣእዳውካ ተሓጸብ።




## ውጽኢትካ ብኸመይ ከም ተንብቦ

ኣየነይቲ መስመር እያ ኣቐዲማ ተረእያ ወይ እተን መስመራት ክሳብ ክንደይ ሃሲሰን ይረኣያ ኣለዋ ኣገዳሲ ኣይኮነን። እተን መስመራት ሮዛ ወይ ቀይሕ እየን ክኾና።

**ውጽኢትካ ፖዝቲቭ ይኹን ነጋቲቭ ብዘየገድስ ሕክምና ዘድልየካ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ ናይ ሕክምና ረድኤት ሕተት።**

### ኣሉታ/ነጋቲቭ ውጽኢት

እታ መቆጻጸሪት (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መስመር ጥራሕ እያ ትቕልቀል/ትርአ





*ውጽኢትካ ኣሉታ/ነጋቲቭ እንተ ኾይኑ ኮቪድ-19 ኣይተራእየካን ማለት እዩ። ኮቪድ-19 ክህልወካ ግን ጌና ተኽእሎ ኣሎ።*

*ምልክታት ናይ ሕማምካ ተመሓይሹ ደሓን ተሰሚዑካ ናብ ንቡር ንጥፈታትካ ክሳብ ትምለስ ርእሰ ግለላ ግበር። ብህዝባዊ ጥዕና ርእሰ ግለላ ንኽትገብር ተሓቢርካ እንተ ኮንካ፡ ነጋቲቭ ናይ መርመራ ውጽኢት እውን እንተልዩካ ርእሰ-ግለላ ምግባርካ ቀጽል።*

### ኣዎንታ/ፖዝቲቭ ውጽኢት

*ክልቲኤን እታ (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መቆጻጸሪት መስመርን እታ (T) ኣብ ትብል ናይ መርመራ መስመርን ይቕልቀላ/ ይረኣያ*





ኣዎንታ/ፖዝቲቭ ውጽኢት ማለት ኮቪድ-19 ዘለካ እዩ ዝመስል ማለት እዩ፡ ንኻልኦት እውን ከተሕልፈሎም ትኽእል ኢኻ።

ካብ ናይ መድሃኒት ሓገዝ ክትጥቀም ትኽእል ከይትኽውን ኣብዚ **gov.bc.ca/covidtreatments** ዝብል ሊንክ ተወከስ ወይ ናብዚ ቁጽሪ **1-888-268-4319** ደውል

*ርእሰ- ግለላ ክትገብር ከድልየካ እዩ። ብዛዕባ ዝቕጽል ስጉምትታታ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ እዚ* **bccdc.ca/ifyouhavecovid** *ርአ።*

### ዘይብቑዕ ውጽኢት

እታ መቆጻጸሪት (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መስመር ኣይተራእየትን




*ናይ መርመራ ውጽኢትካ ዘይብቑዕ እንተኾይኑ፡ ኩሉ እቲ ነዚ ቀዳማይ መርመራ ዝተጠቀምካሉ ናውቲ ጎሓፎ። ኣእዳውካ ድሕሪ ምሕጻብካ ነቲ ካልኣይ ቅያር ናውቲ ተጠቂምካ ነቲ መስርሕ ድገሞ። ነቲ ናይ መርመራ መምርሒ ደጊምካ ሰዓቦ።*

*ክልተ ግዜ ዘይብቑዕ ናይ መርመራ ውጽኢት እንተ ረኺብካ፡ ኣብ ናይ ኮቪድ-19 መመርመሪ ማእከል ብምኻድ ተመርመር። ናይ መርመራ ማእከል/ቦታ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ርአ፡* **healthlinkbc.ca/covid19test**